
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.235 | ሰንበት 1 ሰነ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዕዉታት ሰባት ከመይ . . .



ገጽ 4
ብከላ ፕላስቲክ፡ የብቕዕ!


ገጽ 5
መስተንክራውያን ጽርግያታት ሰውራ

ገጽ 7
ክብርቲ ንብረት ሃገራውያን



## መራሕቲ ሕብረት ኣፍሪቃን ፖላንድን፡ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



መራሕቲ ሕብረት ኣፍሪቃን ሬፓብሊክ ፖላንድን፡ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ኣቦመንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ማሕሙድ ዓሊ. የሱፍ፡ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ሬፓብሊክ ፖላንድ ኣንድርየ ዱዳ ኣብ መልእኽቶም፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዮም።

ኣቦመንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ማሕሙድ ዓሊ. የሱፍ ብዘወሃቦ፡ ታሪኻዊት ዕለት 24 ግንቦት - ምልክት ዓወት ሓርነታዊ ቃልሲ. ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነት፡ ትእምርቲ ጽንዓት፡ ጅግንነትን ዘይጸዓድ መንፈስ ህዝባ'ውን ከምዝኾነት ብምጥቃስ፡ እዚ. ንኣፍሪቃን ዓለምን ኣነቓቓሒ. ሓይሊ. ከምዝኾነ ገሊጹ።

## ሰንዓፈ - ቀዳማይ ገጽ ምጽራግ ናይ ሓመድ ጽርግያ ጎሎ - ታልሃ ናርዐ፡ ተዛዚሙ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ካብ ምምሕዳር ከባቢ. ጎሎ ተበጊሱ ናብ ምምሕዳር ከባቢ. ታልሃ-ናርዐ ዝኣቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ቀዳማይ ገጹ ብ29 ግንቦት ብሓለቓ ጠቕላሊ. ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ተመሪቑ።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ደሕንነትን ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብቶም ተስፋጼን፡ ሓላፊ ወድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ፡ ኣዛዚ. እዚ. ማእከል ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ፡ ከምኡ'ውን ኣደ-መንበር ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ተረኺቦም ነይሮም።

ኣመሓደርቲ ከባቢታት ጎሎን ታልሃ-ናርዐን ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ህዝቢ. ብዘይወሓለ መንገዲ፡ ኣጻድፍን ሰንጭሮታትን ቁሪጹ ክንዓዝ ምጽንሑ ብምሕባር፡ እቲ ስራሕ ኣብ'ዚ. ደረጃ'ዚ. ንኽበጽሕ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እዚ. ማእከልን ህዝብን ምስጋና ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ህዝባዊ ኣገልግሎት ቴክኒክ ዞባ ደቡብ ሌተናል ኮሎኔል ንጉሰ ተስፋይ ብወገኑ፡ እዚ. ብዘተኣሳሰረ ህዝቢ. ዝተጀመረ ምጽራግ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ናብ'ዚ. ሕጂ ዘሎ ደረጃ ንኽበጽሕ ተራ ኣሃዱታት እዚ. ማእከል ልዑል ከምዝነበረ ብምሕባር፡ ኣብ'ቲ ዕማም ንዘመርሑ ሞያውያንን መራሕቲ ማሽነሪታትን፡ ስለ'ቲ ዝገበርዎ ኣበርክቶን ተወፋይነትን ኣመስጊኑ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ሰንዓፈ. ኣቶ እድሪስ ዓሊ. ሸኽር ከኣ፡ እዚ. ቀዳማይ ገጹ ዝተዛዘመ ጽርግያ፡ ግብራዊ መርኣያ ናይ'ቲ ማሕበራዊ ፍትሒ. ንምንጋስ ዝቐየድ ጻዕሪ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጼን ድማ፡ ነቲ ስራሕ ናብ መፈጸምትኡ ንምብጻሕን ቀጻልነቱ ንምርግጋጽን፡ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ብዕቱብ ከምዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።

ነበርቲ ናይተን ክልተ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ኣቐዲሞም ኣፍሰኣራትን ሕሙማትን ናብ ዝለዓለ ትካል ሕክምና ንምብጻሕ፡ ኣብ ዝኸፍእ ጸይርም ንልዕሊ. ኣርባዕተ ሰዓት ብኣጻድፍ ክንዓዙ ይግደዱ ምንባሮም ብምሕባር፡ መንግስቲ ነዚ. ተገንዚቡ ብዘወሰዶ ተበግሶ እፎይታ ከምዝረኸቡ፡ ሬህዋኦም ምሉእ ንኽኸውን ጉዳይ መጻዓዝያ ክፍታሓሎም ተላብዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መስርሕ ህንጻት'ቲ ጽርግያ ልዑል ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት፡ ህያባትን ናይ ምስጋና ወረቓቕትን ተዋሂቦም።



ስኢ. መሓመድ ኣይፈራሕ

## መንደፈራ - ማሕበር ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ

ማሕበር ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ብ23 ግንቦት ኣብ ዘካየዶ 7ይ ጉባኤ፡ ፍርያት ጸባ ንምዕባይ ክትግበሩ ኣብ ዘለዎም መደባት ዘትዩ።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ግርማይ ሓድጉ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ሸሞንተ ዓመታት - ብሰንኪ. ሕጽረት መግቢ. እንስሳን ካልኦት ምኽንያታትን ፍርያት ማሕበርም ከንቈልቍል ምጽንሑ ብምሕባር፡ እቲ ሕጽረት ፍታሕ ንኽረኽብ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ማሕበር ብወህደት ክሰርሕ ጸዊዑ።

ሓደ ካብ ጠንቂታት ምድኻም ንጥፈታት ማሕበር ኩይኑ ዝጸንሐ ጉዳይ ክፍሊት መሸጣ ጸባ መፍትሒ. ስለዝተገብረሉ፡ ሓረስቶት በዚ. ተተባቢዖም ንጥፈታቶም የበራብሩ ምህላዎም ዝጠቐሰ ኣቶ ግርማይ፡ ልምዓት ሓምላይ መግቢ. እንስሳ ንዝጸንሐ ሕጽረት ቀሊብ ዘቃልል ስለዝኾነ፡ ዝምልከቶ ኣካል ንልምዓት ዝውዕል ቦታ ክምድበሎም ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ በረኸት ተኽለስላሰ ብወገኑ፡ ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ንኹሉ ሕጽረታት ተጻዊሮም ንዕቤት ማሕበር ንዘካይድዎ ዘለዉ ንጥፈታት ብምምጓስ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣድላዪ ደገፍ ንምግባር ኣብርቲዑ ከምዝሰርሕ ገሊጹ።

ሓላፊ ሃብቲ እንስሳ ዞባ ደቡብ ዶ/ር ዑቕባዝጊ. ክፍለ ብወገኑ፡ ማሕበር ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ምህርቱ ካብ'ቲ ንኡስ ዞባ ሓሊፉ ክሳብ ኣስመራ ደቢጽሕ ምንባሩ ብምዝካር፡ ተበግሪሱ ዘሎ ናይ ምብርባሩ ዕማማት ዝያዳ ወጽኢታዊ ንክኸውን፡ ሓያሳቲ ኣባላት ክጥርነፉ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወቐበት፡ ማሕበር ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ኣብ ምምላእ ጠለብት ዕዳጋታት ንዘጸንሖ ተራ ብምጥቃስ፡ ሕጽረታቱ ንምፍታሕ ኣብ ዝካየዱ ንጥፈታት፡ ኣድላዪ ምድግጋፍ ከምዝገበረሉ ኣረጋጊጹ።

ዜና

# ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣቃኒዑ



ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ትማሊ 31 ግንቦት ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዝተኻየደ ጉባኤ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ - ሓፈሻዊ ንጥፈታቱ ብመንጽር ብድሆታቱን ብልጫታቱን ኣብ መቓን ዘበረ ዕድላት ብምምዝጋም፡ ንመጻኢ ዝሓሸ ስትራተጂካዊ ኣንፈት ብምስኣል ናብ ዝበረኸ ዘበገም መንገዲ ኣብ ምንዳይ ኣተኲሩ ክዘተ ተላቢዑ።

ኣምባሳደር ዘመደ ወሲኹ፡ ኲ-ኲ'ቲ ፌደረሽን ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ኣብ ኲዕሶ እግሪ ምስ ዓለም ዘላ ዓቕሚ ንምዕባይን መድረኽ ንምፍጣርን ኣጉዲሲ ስለዝኾነ ክሰርሓሉ ኣተሓሳሲቡ።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ብወገኑ፡ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣብ 2008 ዝጸደቐ ቅዋም፡ ምስ እዋናዊ ኣካይዳ 'ፊፋ'ን 'ካፍ'ን ብምትእስሳር ምምሕያሹ፡ ከም ኡ'ውን ኣብ ምሕደራ ስፖርት ብሉጻት ልምድታት ምትእትታው ኣጉዲሲ ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ዚ ክውን ንምግባር ወከልቲ ክለባት፡ ዞባዊ ማሕበራት ኲዕሶ እግርን ክኢላታት ሕግን ጻዕርታቶም ክዛይዱ ተላቢዑ።

ኣብ'ቲ ጉባኤ፡ ኣብ ውድድራት፡ ምዕዓል መጻወቲ ፍቓድ (ልቸንሳ)፡ ፋይናንሳዊ ጉዳያት፡ ዳኛት፡ ቴክኒክን ኲዕሶ እግሪ ደቂኣንስትዮን ዘተኩረ ጸብጻባት ቀሪቡን ሰፊሕ ዘተ ተኻዪዱሉን።



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

## እምኒ-ሓይሊ - ስልጠና ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶ ንኣመሓደርትን ኣነባበርትን ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ምእላይ ስንክላንን ኣረጋውያንን ክኸተሎ ኣብ ዝዋንኡ ሜላታት ዝሕግዝ ስልጠና ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶ ንኣመሓደርቲ ከባብን ኣነባበርቲ ዓድታትን ተዋሂቡ።

እቲ ብጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደቡብ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ስንክልና ዘለዎም ዜጋታትን ኣረጋውያንን፡ ካብ ስድራቤቶምን ኮምን ከይተፈለዩ ናይ ተሃድሶ ኣገልግሎት ንክረኽቡ ባይታ ንምጥጣሕ ዝዓለመ ምዃኑ፡ ሓላፊ'ቲ ሚኒስትሪ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ ሓቢሩ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ክኢላ ስነ-ሕብረተሰብ ኣቶ ክብሮም ኢሳቕ ብወገኑ፡ ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶ፡ ስንክላንን ኣረጋውያንን ምስ ሕብረተሰቦም ዝነብሩሉ ባይታ ዘጸፍፍ ስትራተጂ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ግቡእ ኣረኣእያን ርድኢትን ኣብ ምእራም ህዝቢ ቀንዲ ተዋሳኣይ ክኸውን ከምዝዋንኦ ኣገንዚቡ።

ግዝያዊት ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ ብወገና፡ እቲ ስልጠና - ስንክላን ካብ ተጸባይነት ተገላጊሎም ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰቦም ኣበርክቶቲ ክገብሩ ዝሕግዝ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኮም ዝሰረቱ መደባት ተሃድሶ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ተግባራዊ ንክኸውን፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ብዕቱብ ከምዝሰርሓሉ ኣረጋጊጻ።

## "ኣብ ንጥፈታት ሃብቲ እንስሳን ጥዕና ጥሪትን ኣተባባዒ ገስጋስ ተመዝጊቡ" ሚ/ሕርሻ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ዝሓለፈ 34 ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ጥዕና ጥሪት ኣብ ምውሓስ ከምኡ'ውን ብሰንኪ ሕማማት ጥሪት ዝስዕብ ዝነበረ ቁጠባዊ ሃስያ ኣብ ምጉዳል ኣተባባዒ ገስጋስ ከም ዝተመዝገበ ሓቢሩ።

ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ኣብ ዝለኣኾ ጸብጻብ፡ ዝተፈላለየ ሕማማት ጥሪት ንምቁጽጻር፡ መንግስቲ ግዱድ መደብ ክታበት ብምትእትታው፡ ኣብ 1993 ልዕሊ 67 ሚእታዊት ዝነበረ መልከፍቲ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እንስሳ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ከምዝወረደ ኣብሪሁ።

እዚ ዓወት'ዚ ከምዝዝሰብ ዝተኻእሉ ካብ 2013 ዓመታዊ 2.5 ሚልዮን ጥሪት፡ ኣንጻር ሕማማት ጉልሓይ መሰል ጠሊዐጠሊ፡ ፍርማይ ከብቲ፡ ፍርማይ ጠሊዐጠሊ ኣናሶን ካልእን ብምኽታብ፡ ክስተት ሕማማትን ሞትን እንስሳ ኣብ ምጉታእን ምቁጽጻርን ወጽኢታዊ ስራሕ ስለዝተሰላሰለ ከምዝኾነ፡ እቲ ሓበሬታ የጽርዕ።

"ኤርትራ፡ ኣብ ምጥፋእ ተመሓላላፊ ሕማም ጉልሓይ ካብ ዝተዓወታ ሃገራት ሓንቲ'ያ" ዝበለ እቲ ሓበሬታ፡ ሳላ ዝተገብረ ሓያል ጻዕሪ ኣብ 2005 እቲ ሕማም ጠቕላላ ካብ ኤርትራ ከም ዝጠፍአ ዘረጋግጽ ወረቐት መዳልያን ወረቐት ምስክርን ካብ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና እንስሳ ከምእተቐበለት ዘኪሩ።

ንመፍረ ደርሁ ብዝምልከት፡ ኣብ እዋን ናጽነት፡ ብዘይካ'ተን ኣብ ገጠራት ብልምዲ ዝተሓዛ ዝነበራ ደርሁ ገደና፡ ምርባሕ ደርሁን ምፍራይ እንቋቝሖን ከም ዋኒን ዝሕዞ ሰብ ኣዝዩ ውሑድ ምንባሩ፣ ካብ ጽባሕ ናጽነት ግና ምሩጻት ዓሌታት ደርሁ ንተጠቀምቲ ምዕዳል ከም እተጀመረ ዝጠቅስ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብዚን ዝሓለፋ 34 ዓመታት፡ ኣስታት 113 ሽሕ ዓሌት-ኣደታት (Parent) ደርሁ ናብ ሃገር ክኣትዋ ከለዋ፡ ኣስታት 7.5 ሚልዮን ሓደ ወርሒ ዝዕድመአን ጫጩዊት ናብ ተጠቀምቲ ከምእተዘርግሓ ኣፍሊጡ።

ኣብ መፍረ ጸባ'ውን፡ ኣብ 1991 ብደረጃ ሃገር ኣስታት 19 ሽሕ ዝነበረ ዕስለ ኣናህዩ፡ ብዝዀምታ ዕቤት እናኣርኣየ ኣብ 2025 ናብ ልዕሊ 46 ሽሕ ከምዝዓበየ፡ እቲ ናብ ኤርና ዝተላእከ ጸብጻብ የጽርዕ።

ኣብ'ዚ እዋን፡ መብዝሕትኡ ባህላዊ ቆፎታት፡ ብዘመናውን ጋብላውን ቆፎታት እናተተክአ ይመጽእ ምህላው፣ ካብ ጠቕላላ ዘሎ ቁጽሪ ዕስለታት ኣናህብ ደግ፡ እቲ 51 ሚእታዊት ኣብ ዘመናዊ ቆፎታት፡ 41 ሚእታዊት ኣብ ባህላዊ ቆፎታት፡ ዝተረፈ 8 ሚእታዊት ድማ ኣብ ጋብላዊ ቆፎታት ከምዝሎ፡ እቲ ሓበሬታ የመልክት።



## ኣብ ሸዕብ፡ ባርዕ ሓዊ ኣብ ሃብቲ ገረብ ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ብ24 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕሪቐትሪ ዘጋጠመ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ሃብቲ ገረብ ጉድኣት ከምዝወረደ፡ ወኪል ኤርና ሓቢሩ።

በቲ ኣብ ከባቢ ሩባ ቐንጸል ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ልዕሊ ሓሙሽተ ሄክታር ሳዕርን ኣግራብን ከምእተሃመኼ ተፈሊጡ።

እቲ ሓደጋ፡ ህዝብን ትካላትን መንግስትን ብመጥፋእቲ ሓዊ ተደጊፎም ድሕሪ ዞፀደዎ ናይ ኣርባዕተ ሰዓታት ጻዕሪ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ኣትዩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ጠንቂ'ቲ ሓደጋ ንምፍላጥ መርመራ ይካየድ ኣሎ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

መዘናዩ
ማርታ ክብሮም

# ዕዉታት ሰባት ከመይ ዝበሉ እዮም፧

• ዕዉታት ሰባት "ፍጹማት እዮም" ወይ 'ኣይጋገዩን እዮም' ማለት ኣይኮነን። ፍሉይነቶም ምስ ተጋገዩ ወይ ምስ ወደቑ በቲ ዘጋጠሞም ተሰፋ ከይቆረጹን ከይተሰናኸሉን ጉዕዞኦም ስለዝቕጽሉ እዮም።

• ዕዉታት ሰባት ሓላፍነታውያን እዮም። ንዘጋጥሞም ውድቀት ናብ ካልኦት እናጸገዑ ንሓቦም ሓራ ክገብሩ ኣይፍትኑን እዮም።

• ዕዉታት ሰባት ኣብ ግዜ ርእሶም ልዑል እምነት ስለዘለዎም፡ ኩሉ ሳዕ ዓወት እምበር ውድቀት ኣይረኣዩምን እዮ። ከምኡ ስለ ዝኾኑ ኸኣ ከይወደቑ ፈሪሖም ካብ ዕላማኦም ምንቕ ኣይብሉን እዮም።

• ዕዉታት ሰባት ኑቦም ንምምዕባል ብዘይምቁራጽ ክመሃሩ ዝጽዕሩ እዮም።

• ዕዉታት ሰባት ጽኑዓት እዮም። ጉዕዞ ምንባር ሽሕ ግዜ ይጸንክር፡ ጾር ዝተሰከምዎ ሓላፍነት ሽሕ ግዜ ይኸብድ፡ መንገዶም



ሽሕ ግዜ ዓቕበት ይብዝሓዮ... ፈጺሞም ኣየቋርጹን እዮም። ቃልሲ ምንባር ክተርር ከሎ እዮም ዝያዳ ዝጸንዑን ከቋርጹ ከም ዘይብሎም ዝርድኡን።

• ዕዉታት ሰባት ነጻ ምኣሕ ዝበሃል ከም ዘየለ ዝኣምኑ እዮም። ባህግታቶም እንተ ዛይዱ፡ ንሱኡ ንምርካብ ዝሓተዎም ዋጋ ብመንጸሩ ከም ዝዝይድ ጸቡቕ ገይሮም ዝፈልጡ እዮም።

• ዕዉታት ንኑቦም ተወዳዳሪትን ቡዳሂትን ንምግባር መዓልታዊ ዝጽዕሩ እዮም። ስለዝኾኑ ከኣ ኣብ ስራሖም ይኹን ካልእ ንጥፈታቶም መወዳድርቲ የብሎምን። ቦታ ስራሖም ብቐለሉ ክትካእ ዘኽእል'ውን ስለ ዘይርከብ፡ ኣዝዮም ተደላይቲ እዮም።

• ዕዉታት ብኽቱጃጃሩዎምን ክፈትሑዎምን ዝኽእሉ ነገራት እንተ ዘይኮይኖም፡ ካብ ቁጽጽሮምን ዓቕሞምን ወጻኢ ብዝኾኑ ነገራት ክጮነቑ ወይ ክሓስቡ ምርጫኦም ኣይኮነን።

• ዕዉታት እቲ ኩሉ ሰብ ዝኸዶ መንገዲ ኣይከዱን እዮም፡ ኩሉ ዝገብሮ'ውን ኣይከውኑን ዝገብሩ። እቲ ኩሉ ሰብ ዝገብሮ እንተ ገይርካ፡ እቲ ኩሉ ሰብ ክረኽቦ ዝኽእል ጥራይ ከም ዝረኽብ ስለ ዘይስሕትዎ፡ ወትሩ ፍሉይ ነገር ክገብሩ'ዮም ዝፍትኑ።

# ካብ ዝዓበዩ መራሕቲ ዓለም

• ኣሌክሳንደር ዓቢ (356 -323 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ)፦ ዓለም ካብ ዝረኣየቶም እቲ ዝዓበዩ ተቓላሲ ክበሃል ይከኣል። ኣዝዩ ተባዕ ከም ዝነበረ ዝነገረሉ ኣሌክሳንደር፡ ብዝነበሮ መራሕነት ኣብ ዓለም ግሩን ስም ክትርፍ ዝኸኣለ መራሒ እዩ። ኣብ ዝተሳተፎ መብዛሕትኡ ኲናት'ውን ዓወት ይጎናጸፍ ነበረ። ካብ ንጉሳዊ ስድራ ዝተወልደ ኣሌክሳንደር፡ ኣቡኡ ንጉስ ፊሊፕ ሓያል ሰራዊት ከም ዝነበሮ ይፍለጥ። ብዘይካዚ፡ ሓደ ካብ'ቶም ዝዓበዩ መምህር ፈላሳፋ ዝነበረ ኣሪስቶትል መምህሩ ነበረ። ኣሌክሳንደር ግዝኣቱ ንምዕቃብ መጀመርታ ንኹሎም መቀናቕንቱ ሰዓሮም። ኣብ መበል 30 ዓመቱ ከኣ ኣብ መላእ ዓለም ካብ ግሪኽ ክሳብ ሰሜናዊ ምዕራብ ህንዲ ዝዝርጋሕ ዝዓበየ ግዝኣት ማሰረተ። ኣሌክሳንደር ኣብ 323 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ባቢሎን ኣብ መበል 32 ዓመቱ ሞተ። ምኽንያት ሞቱ ክሳብ ሕጂ ንተመራመርቲ ስነ ታሪኽ ንጹር ኣይኮነን። ገለ ብጸላእቱ ከም ዝተቐትለ ክገልጹ ከለዉ፡ ገለ ድማ ኣልኮላዊ መስተ ብብዝሒ ብምስታዩ ከም ዝሞተ ይሕብሩ።

• ጁልየስ ቄሳር (100 – 44 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ)፦ ካብ ንጉሳዊ ስድራ ኣንያስ ዝተወልደ ቄሳር፡ ኣብ መበል 20 ዓመቱ ናብ ወትህደርና ድሕሪ ምጽንባሩ፡ ሳላ ዝነበሮ ትብዓት ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ስልጣን ደየበ። ቄሳር ዝነበሮ ፍሉይ ወተሃደራዊ ክእለት፡ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ዙርያኡ ዝነበሩ ሰራዊት ህቡብነት ከጥሪ ክኢሉ ነበረ። ብዘይካዚ፡ ብዝነበሮ ትብዓትን ፍሉይ ክእለት መራሕነትን፡ ምስ ሰራዊቱ ጥቡቕ ዝምድና ክምስርትን ብዙሕ ቦታታት ክቆጻጸርን ክኢሉ ነበረ። ቄሳር ንሪፓብሊክ ሮማ ናብ ግዝኣት ሮማ ኣብ ምቕያር ዓቢ ተራ ክጻወት ክኢሉ እዩ። ብዘይካዚ፡ ዝ. ሉሚ ዘሎ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ቅርጺ ከተማ ሮማ ኣብ ምህናጽ ዘይሃስቕ ኣበርክቶ ዝነበረ መራሒ እዩ። ጁልየስ ቄሳር ኣብ 44 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብኣባላት ባይቶኡ ተቐቲሉ።

• ሪቻርድ ዘ ላዮንሃርት (1157 – 1199)፦ መራሒ ኢንግላንድ ዝነበረ ሪቻርድ ቀዳማይ፡ ኣብ ኲናት ብዘኽእሎ ዝነበረ ፍሉይ ቅድና ክእለትን ይልለ ነበረ። ኣብ መበል 16 ዓመቱ ኣንጻር ኣቡኡ ንጉስ ሄንሪ ካልኣይ ኲናት ንምግጣም ናቱ ሰራዊት ኣቖመ። ኃጻዊ ባህሪ ከም ዝነበሮ ዝነገረሉ ሪቻርድ፡ 'እቲ ተባዕ ተቓላሳይ' እውን ተባሂሉ ይፍለጥ ነበረ። ቀንዲ ዕላማ ሪቻርድ፡ ኣብ ኲናት መስቀላዊ ዘመተ (crusade) ብምስታፍ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ሃይማኖታዊ ቦታታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ምእታው ነበረ። ንጆርሳሌም ካብ'ቶም ሓያማ ዝነበሩ ሓይልታት ንምምላስ ኩሉ ኣብ ሳልሳይ ኲናት መስቀላዊ ዘመተ ተሳቲፉ። እንተ ኾነ ኣብቲ ኲናት ብጸላእቱ ስለ ዝተማረኸ፡ ሰራዊቱ ንመልቀቒኡ ዝኸውን ብዙሕ ገንዘብ ኣከቡ። ድሕሪዚ፡ ንከተማኡ ኣስየፕቲስ ካብ ሓይልታት ሳላሓዲን እናተከላኸለ ከሎ ብወረርቲ ሓይልታት ተቐትሉ።



## ንኣፍልጦ

• ኩባንያ ኣፕል ኣብ መላእ ዓለም ልዕሊ 115 ሽሕ ሰራሕተኛታት ኣለውዎ።

• ኣብ ቻይና ልዕሊ 4 ሽሕ ህጻናት "ጸወታ ኦሎምፒክ" ዝብል ስም ኣለዎም።

• ኣብ ዓመት ዝጠዝሐ ማንገስ እተፍሪ ሃገር፡ ህንዲ እያ። ልዕሊ 12 ሚልየን ቶን ተፍሪ።

• ሓንቲ መኪና ብጠቕላላ 30 ሽሕ ኣካላት ኣለዋ።

• ኣብ ጥንታዊት ግብጺ፡ ድሙ ምቕታል ብሞት የቐጽዕ ነበረ።

• ሳሬት ኑቲ ትቕመጠሉ ዓለብ ክተሐድሶ ምስ እትደሊ፡ ኑቲ ዘሎ በሊዓ ካልእ ሓድሽ ትሰርሕ።

• 'ንግስቲ ኤልሳቤጥ ካልኣይቲ' እታ ዝጠዝሐ ስእላ ኣብ ባጤራ ዝተሓተመ እያ፡ በዚ ድማ ስማ ኣብ ክብረ ወሰን ሰፊሩ ይርከብ። ስእላ ኣብ ልዕሊ 30 ዝተፈላለዩ ባጤራታት ይርከብ።

• ኣብ ዓለም እቲ ዝነውሐ ዕድመ ዝነበረ ከልቢ ኣብ መበል 29 ዓመቱ እዩ ሞይቱ።

• ላይተር (መወልዒ ሽጋራ) ቅድሚ ክርቢት እዩ ተማሂዙ።

• መርከብ ታይታኒክ ክትስራሕ 7.5 ሚልየን ዶላር ወዲኣ።

• ህጻናት ክሳብ 6 ሰሙን ዕድመኦም ንብዓት ኣየውጽኡን እዮም።

• መትረብ ፓናማ ንምስራሕ ብጠቕላላ 25 ሽሕ ሰራሕተኛታት ሞይቶም።

• ካርቦን ሞኖክሳይድ ዝተባህለ ጋዝ ንሱብ ኣብ ውሽጢ ርብዒ ሰዓት ወይ ካብኡ ኣብ ዝውሕድ ግዜ ክቐትሎ ይኽእል።

• ወላ ብርእሰኻ ቁልቁል ኣፍኻ ተደፊእካ እንተበለዕካ፡ እቲ መግቢ ናብ ከብድኻ ኩሉ እቲ ናይ ምሕቃቕ ስርሓት ይኻየደሉ እዩ።

# ዛሃ ሓዲድ



"ኣብ መብቆል ዓደይ ጓል ኣንስተይቲ ብምዃነይ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ድማ ዓረባዊት ብምዃነይ ካብ ብዙሓት ወገናት ጸቕጢ ይወርደኒ ነይሩ፣ ዕላማይ ክዝርም ግና ወትሩ ምስ ጸዓርኩ'የ" ዛሃ ሓዲድ።



ዛሃ ሓዲድ መሓመድ ኣልሓጅ ሑሴን ሓዲድ ኣብ 1950 ካብ ርኹባትን ምሁራትን ሊባኖሳውያን-ብሪጣናውያን ስድራቤት ኣብ ርእሰ ከተማ ዒራቕ - ባቕዳድ ተወሊዳ። ኣብ ናይ ኩትትና ዕድመኣ ድማ ምስ ስድራቤታ ናብ ሊባኖስ ተሰደደት። ኣብኡ ብስነ ሕሳብ ናይ ቀዳማይ ዲግሪ ትምህርታ ድሕሪ ምዝዛማ ቀጺላ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ብምኻድ ዓውዲ ምህንድስና ኣጽንዐት። ድሕሪ ምዝዛም ትምህርታ ኣብ ዝተፈላለየ ዩኒቨርሲታት (ሃርቫርድ፡ ካምብሪጅ፡ ቺካጎ፡ ኮሎምብያ ዩኒቨርሲቲን ካልኦትን) ከም መምህር ኮይና ሰሪሓ።

ሓዲድ ኣብ 1979 ብስማ ዝሰመየታ ናይ ዲዛይን ትካል ኣብ ለንደን መስረተት። ንሳ ብእትጥቀመሎም ዝነበረት ፍሉይ ቅዲ ህንጻታት፡ ስማ ኣብ መላእ ዓለም ክፍለጥ ክኢሉ ነበረ። ክሳብ 900 ህንጻታት ድማ ብናታ ዲዛይን ተሃኒጾም። ወላ'ኳ ስርሓታ ኣዝዩ ብዙሕ ባጀት ዝሓቱ እንተነበሩ፡ ፍሉይ ቅርጻምን ኣገባብ ኣሰራሓኦምን ዘደንቕ ብምዃኑ ንስርሓታ ዝጸገ ኣካል ኣይነበረን።

ሓዲድ እታ እንኮ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ዓውዲ ምህንድስና ንዝተዓወቱ ዝወሃብ ሽልማት 'ብሪትስከር' ክትዕወተሉ ዝኸኣለት እያ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ'ውን ካብ ንግስቲ ኤልሳቤጥ "ሌዲ" ዝብል ናይ ክብሪ መዓርግ ረኺባ።

ዛሃ ሓዲድ ኣብ 2016 ኣብ 65 ዓመታ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልያ።


ገለ ካብ ፍሉጣትን ኣደነቕትን ስርሓት ዛሃ ሓዲድ፥ ኣብ ኣዘርባጃን ዝርከብ ህንጻ ሀይዳር ኣሊየቭ፡ ኣብ ቻይና ዝርከብ ህንጻ ጓንግዙ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ለንደን ዝርከብ ማያዊ ኣካል እዮም።

ኣገባብ ኣጸዋውታ - ኣብዘን ሰለስተ ብሰለስተ ዘለዋ ትርብዒት ንትኹል፡ ንገድም ንሰያፍ ካብ ሓደ ክሳብ ትሽዓተ ቁጽሪ ሓንሳብ ይጽሓፍ። ዝደገመ ቁጽሪ የለን።

ሶዶኩ ቁ.2

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | 2 | | 6 | 4 | | 3 | | |
| | 6 | | | | | | 4 | 5 |
| | 5 | | | 2 | | | | |
| 2 | | | 1 | | | 9 | | 6 |
| 1 | | | | 2 | 6 | 8 | 7 | |
| | | | | | | | | |
| 6 | 4 | 8 | | 9 | | | | |
| | 1 | | 3 | | | 4 | 9 | |
| | | | | 5 | | | | 8 |

ኣዳላዊ፡ ሰሎሙን ተኽለማርያም (ሪጁ)



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

ሓሙሻይን መወዳእታን ክፋል

## መስተንክራውያን ጽርግያታት ሰውራ



ካብ እግሪ ክሳብ ጥርዚ 37 ኣንጎሎታት ዘለዎ ጽርግያ ብደሆ

እኖም ኣብ ዘበጋደሲ ብተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝተሰርሑ መስተንክራውያን ጽርግያታት ካብ መፋርቕ 70ታት ንደሓር'የም ክህሉ ዝጀመሩ። እቲ ብኣፍራዛን ባዴላን ካብ ሰሜናዊ ጫፍ ኤርትራ (ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ማለት'ዩ) ክሳብ ማእከል ኤርትራ ዝዝርጋሕ ብጽርግያ ሓርነት ዝፍለጥ ኣስታት 300 ኪሎ ሜተር ዝዝርጋሕ፣ ክሳብ ምዝላቕ መፋርቕ 1978 ዝተጻርገን ድሕሪ ምዝላቕ ዘደንቕ፣ ኣብ ዓለም ከምኡ ክጻበር ዘይክኣል ኩይኑ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ? ብደረጃ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ክንዲ'ዚ ዝዕበዩ ጎቦ፣ ክንዲ'ዚ ዝጽብቆ ጽርግያ ምስራሕ ቀሊል ስለዘይኮነ'ዩ። ጽርግያ "ብደሆ" ካብ እግሪ ማይ ጩሉይ ክሳብ ዓምበርበብ ብኣዝዩ ሰፋል ትሪ ዕቃብ 37 ኣንጎሎታት እናተጠዋወየ "600 ሜትሮ ብራኸ" ምድያቡ፣ ንተራ ተዓዘቢ ዘደንቕ ኣይኮነን። ካልእ ይትረፍ፣ ሓደ ናይ ጸላኢ ፓይለት'ውን መጀመርታ ምስ ብምዕራፍ ገይሩ ንናቕፋ፣ ካብ ናቕፋ ንሮራ ሓባብ... ዝኣተወ እዩም። ነፍሲ ወከፎም ኣብዚ ብዝርዝር ክተቕርቦ ቦታ ዘይኣኽሉ፣ ኣፉቶም ዛንታ ኣለዎም።

እቲ ክሳብ ናጽነት ዝተሰርሐ ጽርግያታት፣ ተጋደልቲ ህይወቶም ኣብ ሓደጋ እናእተዉ ዝሰርሕዎ ከኣታት ብዙሕ ነይሩ። ኣብ እዋን ስራሕ ናይቲ ጽርግያታት፣ ቦምባታት ጸላኢ ኣብ ዘጽሕ ናይ ግንባር ጸዳፍ ቦታ፣ ለይቲ ብዘይ ብርሃን ብደዛራት ምስራሕ፣ 40 ሜትሮ ኣብ ዝነውሓ ሰማጸን ትኸልን ከውሒ፣ ብገመድ 20 ሜትሮ ንታሕቲ ተንጠልጢልካ ብኣፍራዛን መለኪዖን ከውሒ ምፍንቃል፣ ኣብ ዒቢ ከውሒ ዝተሰኽዑ ብዙሓት ኣባትር ጀለቲና ተመቓቒልካ ብሓንሳብ ምውሳዕ...፤ ሓደጋኡ ፍሉጥ ነይሩ። ንደዛር ቦምባ እንተ ዘይወደቓ ክትጸድፍ ትኽእል። ዝተንጠልጠልካሉ



በፍራዛ ዝፈለመ ምህናጽ ጽርግያታት ሰውራ ናብ ዶዘራት ማዕቢሉ

ካብ መውዓእታ 1978 ክሳብ 80ታት ዝቖጸለን ንሰማይ ጠቀስ ጎቦታት ሳሕል ሰናጢቑ ዝሓልፍ ብጽርግያታት፣ "ብደሆ፣ ኣይንምብርከኽን፤ ክሳድ ሕሽክብ፣ ሸንኮሌት"ን ካልእን ክጥቀስ ይከኣል።

እምበኣር ኣብዚ ሎሚ ናይ መውዳእታ ክፋል ናይዚ ብተኸታታሊ ዝወጸኡ፣ ካብኦም ኣብ ግዜ ሰውራ ዝተሃንጹ መስተንክራውያን ጽርግያታት ሰውራ ከም ኣውራ ዝጥቀስ፣ እቲ ኣብ መንጎ ዓምበርበብን ሓለብትን ዘሎ ብ"ብደሆ" ዝፍለጥ ጽርግያ'ዩ።

ኣብ ግዜ ሰውራ ብደሆ ርእዩ ዘይደነቐ ኣይነበረን። ምናልባት'ውን ከም ጽርግያ ብደሆ ዝተሳእለን ዝተበጽሐን ጽርግያ ኣይነበረን። እቲ ረአዩ፣ "ወንበዴ ሎምስ ሰማይ ክድይቡ ደልዮም" ምባሉ፣ ንኣደናቕነት ናይቲ ስራሕ'ዩ ዝገልጽ። ኤርትራዊ በዚ ህያው ሓወልቲ'ዚ ክኾርዕ ማሰል ኣለዎ።

ካብ ብደሆ ንደሓር ክሳብ ናጽነት ዝተሰርሑ ጽርግያታት ብዙሓት'የም። ብዘይካ'ዞም ናይ ሱዳን መስመራት፣ ክሳብ ሕጂ ብሀንደሳዊ ጽፈቱ ዝተፈልጠ ሸንኮሌትን ናይ ምህናጽን ናይ መብዝሕትኦም ዝተረፉ ቀዋሚ ዕላማ ምስ ወተሃደራዊ ኣድላይነት ይተኣሳሰር። እንተኾነ፣ ኣብ ግዜ ሰላም'ውን ነቲ ዝኣተውዎ ቦታታት ከም መጉበቲ መስመራት ከገልግሉ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ንሳቶም ካብ ዛራ ንሓልሓል፣ ካብ ዛራ ብፎኒ ገይሩ ንኦሮታ፣ ኣሲጋእት ጽርግያ ኣግራዕ ንምልጋስ ካብ ሃምባል ገመድ እንተ ዘይተበትከ፣ ብሰሲ ገመድ ዝሓዘ ሰብነት ሾተት ክበሉ ይኽእሉ። እታ መውዳእታ በትሪ ጀለቲና ክሳብ ትውሳዕ ቀዳመይቲ ክትፍንጀር ትኽእል። ኣብ ርእሲ'ዚ ቀጻሊ ሓደጋ ነፈርቲ የጋጥም ነይሩ። በዚ ዝተጠቕሰን ካልእን ሓደጋታት ህይወቶም ዝኸፈሉን ዝሰንከሉን'ውን ኣይተሳእኑን።

ቅድሚ ምቕልቃል መካይን ናብ ሜዳ ኤርትራ ኣብቲ ኣብ ዝወዓልኦ ዘይትሓድረሉ ኣብ ዝሓደርኦ ዘይትውዕለሉ ናይ ደባይ እዋን፣ መካይንን ጽርግያታትን ኣብ ሓንጎል ተጋደልቲ ናይ ርሑቕ ሕልሚ ጥራይ'ዩ ነይሩ። ነቲ ካብ ማይ ኣዋልድ ክሳብ ቅሮራ ዘሎ ሰጥ ዝበለ መውዓእታ ዘይብሉ ጎልጎል ብኣጻዋውዓ ተጋደልቲ "መንገዲ ሰማእታት"፣ ብመኪና ከይዱዎ ክርኢ ዘይምነ ተጋዳላይ ኣይነበረን። ካብቲ ግዜ'ቲ ክሳብ እዋን ናጽነት ኣብ ጎደና ምዕባለ ነዊሕ ተጓዒዝና ነይርና። ኤርትራ ብጽርግያታት ተሓራሩ፣ ኩሉ ኩርናዓ መካይን ኣትየንኦ። ጽባሕ'ውን ሰማያታ ብነፈርቲ ክሕረስ'ዩ። ነዚ ዘበቅዓ ተጋዳላይ መንኮስ ይኸውን።" ይብል እቲ ኣብ ቅጽ 2 ቁ.6 ጥሪ 1991 ዝተሓትመ መጽሔት ሓርበኛ ዝወጸ ሰድ ናይቲ እዋን'ቲ።

## ብዛዕባ'ቶም 8 ወራራት እንታይ ትፈልጡ?

ሻድሻይ ወራር፦

ከም ዝፍለጥ ኣብ እዋን ናይቲ ኣብ ለካቲት 1982 ዝተራእየ ሓንሳብን ንሓዋሩን ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ዝተበገሰ ብ"ቀይሕ ኮኾብ" ዝፍለጥ 6ይ ወራር፣ ስርዓት ደርግ ንሰራዊቱ ብኣርባዕተ እዝታት ወዲቡዎ ነይሩ። 1. መብረቕ (ግንባር ባርካ)፣ 2. ውቃው (ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል)፣ 3. ናደው እዝ (ግንባር ናቕፋ)፣ 4. መንጥር (ግንባር ሓልሓል)

ስለዚ ወጥንን ስትራተጅን ናይዞም ኣርባዕተ እዝታትን ኣሰላልፋኦምን እንታይ ከም ዝመስል ክንርኢ፦

1. **መብረቕ እዝ (ግንባር ባርካ)**


ናይቲ ኣብ ባርካ ዝወፈረ እዚ መብረቕ ካልኣይ ክፋል (24ኛ ክፍለጦር) ንሰሜን ገጹ ተንቀሳቒሱ ካብ ደጀን ብባርካ ኣቢሉ ናብ ሱዳን ንዘውስድ ጽርግያ ብምዕጻው፣ ካብቲ "ክቡብ" ሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዋላ ሓደ ተጋዳላይ'ውን ይኹን ናብ ሱዳን "ዝሃድመሉ" ነቓዕ ከም ዘይረኽብ ይገብር። ብድሕሪት ብምጥቃዕ ንግንባር ባርካ ንምፍራስ ዓቢ ተራ ይጻወት።

መብረቕ እዝ ዝ ወጥን እዚ ሐዙ ድማ፣ ኣብ ባርካ ብ15 ለካቲት ካብ ከባን ተበጊሱ እናተደሰቐ ድሕሪ ሳልስቲ ናብ ከበቢ ዓጸየት ዝመጸ መበል 21 ክፍለሰራዊት፣ ምስ ናይቲ ዝተገበረሉ ናይ ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን መዳፍዕን ታንክታትን ደገፍ፣ ኣብ ሰንሰለት ጎቦታት ዓጸየትን ምዕርን ሓለንጌዋይን ዓራደን ብጠጆንላ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊትና መሃሉክሳብ ዝጠፍኦ ተቐጥቂጦም። ኣብ ናይ 5 መዓልቲ ውግእ (18-22 ለካቲት) ፋሕ ጭንግራሕ ኣትዩ። ኣጻዋሩን ምሩኻቱን ራሕሪሑ ኑበሱ ንምድሓን ተበታቲኑ። ብድሕሪት ንምጥቃዕን ጽርግያ ዓጺዩ ንምኽባብን ንሰሜን ገጹ ዝተንቀሳቐሰ መበል 24 ክፍለሰራዊት ከኣ፣ ነቲ ዝተሓምሸሸ ሰራዊት ንምድሓንን ዝተረፈ ኣጻዋሩ ንምህዳም ተልእኾኡ ኣቋሪጹ ንድሕሪት ተመሊሱ። ቁሱላትን ካብ ሞትን ምምራኽን ዘምለጡ ፍናኖም ዝዓረቦምን ወተሃደራት ሐዙ ከኣ ንድሕሪት ተኸብቢቡ።

ብወገን ሓልሓል ዝበረ 2ይ ክፍለሰራዊት'ውን፣ ህዝባዊ ሰራዊትና ብዘፈጸሞ ተደጋጋሚ ጸረ-መጥቃዕቲ ተጸፊዑ ብ22 ለካቲት ብህድማ ናብ ጀንገረንን ከረንን ተኸብቢቡ ኣተወ። ኣብዘን ዝተጠቕሳ መዓልታት ኣብ ግንባራት ባርካን ሓልሓልን ልዕሊ 9,000 ወተሃደራት ደርግ ሞይቶምን ቆሲሎምን፣ 511 ድማ ተማሪኾም።

**ውጥን 6ይ ወራር ይቕጽል...**

## ሻድሻይ ወራር ብካርቱን



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.**

**Position: Safety Officer**
**Department: Safety and Occupational Health**
**Section: Safety and Occupational Health**
**Number required: One (01)**
**Primary Purpose**

- Control "Safety & Health" in order to ensure employees, equipment and facility risks are minimized.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Ensure policies and procedures are in place.
- Ensure mine is compliant with legislative and regulatory requirements.
- Assist with the "Safety & Health" Management System.

**Implementing Safety & Health**

- Respond to and investigate accidents and emergencies
- Liaise with on-site contractors to ensure compliance with safety regulations.
- Coach and advice employees regarding Safety & Health.
- Identify unsafe acts, conditions, hazards and investigate root causes as well as identifying corrective action. Inspect the workplace for potential hazards.
- Enforce on-site safety, health, and emergency compliance to programs to minimise/prevent incidents and investigate incidents/accidents.
- Conduct planned inspections/audits and Co-ordinate monthly Safety & Health meetings.

**Reporting**

- Complete daily, weekly, and monthly reports and report any incidents/accidents and risk assessments.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Candidate must be Medically and Physical fit.

**Qualification**

- Certificate: Occupational Health & Safety, emergency response
- Grade 12

**Knowledge & Experience**

- 2-3 years previous experience in Health & Safety & Emergency Response

**Technical Skills**

- Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel)
- Supervisory and Analytical skills
- Attention to detail
- Problem solving skills and reniued drivers' licence
- Plan, organize & execution skills

**Behavioral skills**

- Communication (English and local language)
- Assertiveness and High level of accuracy
- Flexible and Organising skills
- Integrity, Discretion & Self-Discipline
- Ability to work towards strict deadlines

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**
- **Address: Please mail your applications to;**
  **Bisha Mining Share Company,**
  **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

## ሓራጅ

ኣብ መኻን ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ ሰለሙን ገብረሚካኤል፡ ወኪል ኣቶ ፍጹም ገብረሚካኤል፡ ምስ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ የናታን መብራህቱ፡ ወኪል ኣቶ መብራህቱ የውሃንስ፡ ዝተፈጥረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ላዕ/ቤ/ፍርዲ ብስም ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ የናታን መብራህቱ ዝፍለጥ መኪና ሆንዳ ሲቪክ ዝዓይነታ ናይ ገዛ መኪና፡ ቁ/ሰሌዳ ER-1-C-7272 ዝዓይነታ፡ ዘለዋ ጉድለት ባተሪያ ምውት፡ ክሪክ የብላን፡ ሞተር ዘይተፈተሸ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ትርከብ ኮይና፡ መበገሲ ሓራጅ ዋጋ 90.000.00 (ተስዓ ሽሕ) ኮይና፡ ኣብ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ናይ መወዳደሪ ዝረቖሖ መጠን ገንዘብ ብጽሑፍ ወይ ብኣሃዝ ብምድላው ብዕሹግ ሰታሪት ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ላዕ/ቤ/ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ ¼ ናይ'ዚ መበገሲ ዋጋ ብስም ዝተመዝገበ ተጠራቓሚ ሕሳብ ባንክ በቕ ወይ ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝያዳ ሓበሬታ ዝደሊ፡ መኪና ኣብ ሓሰን ጋራጅ ጥቓ ባር ቶሪኖ ዝርከብ መጺኡ ክርእያ ይኽእል። ከምኡ'ውን ቁ/65 ላዕ/ቤ/ፍርዲ ይወከስ።

ዕለት ሓራጅ፦ 17/06/2025
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕ/ቤ/ፍርዲ ቁ/27
ሰዓት ሓራጅ፦ ካብ ሰዓት 3:00-4:00 ድ/ቐ
ቤ/ጽ/ፈጻሚ ፍርዲ

ሃይማኖት መሓሪ

# ናጽነት - ክብርቲ ንብረት ሃገራውያን

“ንሕናን ሃገርናን’ኮ ኣዒንቲን ቅርሺብን ኢና” ሓደ ዝዓበይ ኣዒንቲ ኣሉ ናብ ሃገር ዝመጽአ ኤርትራዊ እዩ ዝ. ዝበሎ፡ “ኣዒንቲ ብዘይቅርሺብ ኣብ ሓደጋ እየን ዝኣትዋ፡ ቅርሺብ ብዘይ ኣዒንቲ ድማ ዋላ ሓንቲ ትርጉም የብሉን” እውን ወሲኹለይ። ኣብ’ታ ንሓጺር ግዜ ዝተዘራረብናላ፡ ብዛዕባ ኣብ ሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪ ጥራይ እዩ ኣዕሊሉኒ።

መቸም ኣብ ቅንያት ናጽነት፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ወጻኢ ከም ማይ እዮም ናብ ሃገሮም ዝውሕዙ። ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ኣብ ከም’ዚ ግዜ እዋኑ ጻዕቂ ስራሕ ክህሉ ልሙድ ኰይኑ ኣሎ። ብምኽንያት ስርሓይ ምስ’ዞም ኣጋይሽ ክራኸብ ከለኹ፡ ዓመት መጽኡ፡ ሰቕ ኢለ’የ ዝግረምን ዝሕበንን። እዚኦቶም ከም’ቶም ናይ ኩሉ እዋን ወይ ልሙዳት ኣጋይሽ ኣይኮኑን። በቃ - መዓልቲ ናጽነቶም ኣቢታ መዓሕንቶም ዝተቐበረላ ሃገሮም ኰይኖም ክጽንበሉ ኢሎም ስለ ዝመጽኡ፡ ምስኦም ድማ ናፍቖት ተሓዊሱዎ፡ ኩሉ ዕላሎም ብዛዕባ ናጽነት፡ ሃገር፡ ህዝቢ እዩ።

ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት፡ ኣብ መንገዲ ኣርብዓ ዝረኸብኩዎ ምልክዕ ኀበዘ “ኤርትራዊ’ኮ ፍቕሪ እዩ” ክብለኒ ትዝ ይብለኒ። ሽዑ ንዘረቦኡ ብዙሕ ትርጉም ኣይሃብኩዎን። ኣብ’ዚ ቀረባ ዓመታት ግን ምስ ብዙሓት ዜጋታት ንኽራኸብ ዕድል ስለ ዝገበርኩ፡ ኣብ ደቂ ኤረይ ዘሎ ፍቕርን ምትሕልላይን ከድህቦ ክኢለ’የ።

ኣቲም ሰቡት፡ እዞም ኣብ ስርሐይ ዝዕዘቦም ናይ ካልኦት ሃገራት ጊያሾ’ኮ ነፍሲ-ወከፉ ሰብ ብዛዕባ’ታ ንዕኡ ተገዲሱ እምበር፡ ብዛዕባ ካልእ እዚ ዝበሃል የብሉን። እቶም ብሓባር ዝመጽኡ ከይተረፉ ክጸብዩ ርእየዮም ኣይፈልጥን። እንተ’ዞም ደቂ ዓደይ ግን፡ ኩሉ ነገሮም ብሕብረት’ዩ። ዋላ ምስ’ቶም ኣብ ኣየርፖርት ዝጸናሕናዮም ሰራሕተኛታት ንኹን ካልኦት ዝጋዓሹ ኣይኮኑን። ማለት’ሲ፡ ኤርትራዊ ምስ ኤርትራዊ ክሳብ ምርኣይ ልሙድ ነገር’ዩ።

ቅነ ናጽነት እንደዩ ኸኣ፡ ኩሉ ነገር ምስ ናጽነት እዩ ዝተኣሳሰር። “ብዘኹሉ ምኽንያት ካብ ሃገር እንተ ወጻእና፡ ኣብኡ ንቅመጥ ደዩ ዝመስለኪ? ኣካልና እዩ ኣብኡ ዘሎ እምበር፡ ካልእ ኩሉ ነገርና’ኮ ኣብ’ዚ ጉዳፍናዮ ኢና ንኸይድ” ዝበለኒ ሓደ መንእሰይ ንሓዋሩ’ውን ዝርስዖ ኣይመስለንን። ዝ. መንእሰይ ኣብ ሓሳብዩ ክሳብ ጉዞይ እየ ተማሊአዮ። ናብ ምዕቡልን ኣገዳሲ ሃገር ምስ ኣተኻ ክሳብ ክንድኡ ሃገርካ ትግዝእ ኣይመስለንን’ዩ ዝበረ፡ ስራሕ ኣሎ፡ ገንዘብ ኣሎ፡ ሚኪና ኣሎ፡ መግቢ ኣሎ፡ ማስተ ኣሎ. . . ሰብ እንተደለኻ’ውን መሊኡ ምኻኑ እዩ ዝኣምን ነይሩ።

እዚ ሰብ ግን፡ ለከ ዋላ ሰጋኡ ኣብኡ ይቕመጥ፡ መንፈሱ ኣብ’ታ ኣብ ልቡ ዘላ ሃገሩ እዩ’ባ ዝቕመጥ! ምስ ህዝባኻ፡ ኣብ ሃገርካ፡ ምስ መሰልት’ኻ፡ ኮታ እቲ ናትካ ዘበለ ሃገር ምሳኻ እንተ ሃልዩ ኢኻ ንናጽነት ከተስተማቕሮ ትኽእል!

ኑቲ ናይ ፈለማ ምብዕር ናጽነት ዘርከበሉን ብተማሰጦ ዝዘክሮን ሰብ ድማ ረኺበልኩም። ንሱ ሎሚ ወሊዱን ዞሚዱን ምስ ስድራቤቱ እዩ መጺኡ። ኣቤት ኣገላልጻኡ እንተ ትሰምዑዎ! እታ ናጽነት ሽዓ ከም ዝመጸትት ኰይኑ ክሳብ ዝስመዓ፡ ብዕለል 24 ግንቦት 1991 ሽለው ኣቢሉ’ኒ እብለኩም።

ንሱ ቁልዓ ኮይኑ ምስ መዛኑኡ ኣብ’ታ ናጽነት መላእ ሃገር ዝተበሰረትላ መዓልቲ፡ “መንጌ ወደ ኣሙተ ከይዱ ከይተዓወተ” ኢሉ እናጨደረ ምስ’ቶ ኣስመራ ክኾልል ከውዕል፡ ኣብ ሰላሳታት ዕድመ ዝበረ ኣቦኡ ብስራሕ ኣብሉ ጽርግያ ጽርግያ “ሆ. .” እናበለ ደድሕሪ ተጋድልቲ ክጸዩ፡ ኣደኡ ድማ ብዘይጸላ “ፎርቶ ጥንዔራ ኤረይ ተተኹሉዩ. . .” እናበለት ክሳብ ኣእዳዋ ዝሓብጥ ከበሮ ክትሃርም፡ ገዛኦምን ሓዳሮምን ረሲዖም ደድሕሪ ተጋዳልይን ፍቐዶ ጽርግያን ክኾልሉ፡ ኣብ ዕድመ 50ታት ዝበረ ተጋዳላይ ኣቦሓጎኡ ምስ ጸላእቲ እናተራጸመ ካብ’ቶም ካብ መሰዋእቲ ዝተረፉ ኾይኑ ኣስመራ ምስ ኣተወ፡ ብኣማኢት ሰባት ክሰዓምን ክሕንገርን. . ፡ ኣቤት ዝበረ ታሕጓስ ዝፈጠሮ ሕውስውሱ፡ ጥርዚ ባህታ ዝፈጠሮ ፈንጠዝያ፡ ደስታ ዘለዓዕሎ ዕንደራ! ሎሚ ኣቦሓጎ ናብ 80ታት፡ ኣቦ ኣደን ናብ ስሳታት፡ ንሱ ናብ ኣርብዓታት ተሰጋጊሮም ኣለዉ። እቲ ዝኸሰ እቲ ትዝታ፡ እቲ ህዋሁ ግን ብሆቱ ምስ’ዚ ሰብ ኣሎ።

ባህሪ ስርሓይ ኰይኑ፡ በዓል ናጽነት ኣብ ሃገሮምን ምስ ህዝቦምን ንኸጽንበሉ ዳርጋ ካብ መላእ ዓለም ንዝውሕዙ ኤርትራውያን ንኽንቅበል፡ ወጋሕ-ፈታሕ ክሳብ ዝብል ክንሰርሕ ሰሙናት ኰይኑ ኣሎ።

“ዓመት-ዓመት ኣብ መዓልቲ ናጽነት ኣብ ዓደይ እንተ ዘርከብ ከም ስርዓት እየ ዝሓምም” ዝበለትኒ ድማ፡ ካብ ሃገረ ኣመሪካ ምስ ሰብኣያን ጓላን ዝመጽኣትን ዓሚ ኣብ ዝመጽኣትሉ እዋን ዝተላለኹዋን ኤርትራዊት’ያ። “ሎሚ ድማ መጺእኪ?” ምስ በልኩዋ እያ “ከም ስርዓት’የ ዝሓምም” ዝበል መልሲ ሂባትኒ። እወ - ከም’ቲ ሓደ መንእሰይ ዝበለኒ “ኩሉ ነገሩ ኣብ’ዚ ዓዲ ጉዲፉ ዝኸይድ’ዩ” በልኩ ብውሽጠይ።

ሓደ ነገር ክእ ዘከረ፡ ኣብ’ዚ ኀደባናሱ ቅድሚ ቅሩብ ዓመት፡ “ሰማዝበን ክረምቲ ክንድ’ዚ ዝኣኽሉ ዜጋታት ካብ ወጻኢ ሃገራት ክመጽኡ ስለ ዝኾኑ፡ ዝኣቶም ንምቕባል ኩሉ’ኻ ተኹብሸብ ተኣንነት” ክብሃል ቀጆ ነይሩ። ብውሽጠይ “ቅድሚ ሕጂኸ ናብ ዓዶም ኣይውሕዙን ነይሮም ማለት ደዩ?” ኢለ እናሓሰብኩ፡ ምስ ናትና ኣወዳደርኩዎ። ምኽንያቱ፡ ናብ ሃገሮም ዝመላለሱ ዜጋታትና ብዙሓትን ወትሩን ስለ ዝኾኑ፡ ከም ልሙድ ተወሲዱ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ንቕበሎም ዝብል ዜና ሰሚዐ ኣይፈልጥን።

ዓመት ዓመት ካብ ዝመጽኡ ብዙሓት ደቂ ሃገረይ፡ ብዙሕ ነገር ተማሂረ እየ መቸም። ብሕልፊ ድማ ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ዘለና ፍቕርን ኣኽብሮትን ዝገልጽ እዩ። ካንታ ናይ ገለ ህዝብታት ኣብ ዝኖሃሽሉ፡ እንተስ ብስደት፡ እንተስ ብስራሕ ሃገር እንተ ቐይሮም፡ ይጥዓሞም ጥራይ እምበር ብዘኸዱዎ ከም ዝጠፍኡ ወሒሎዎት ከም ዘይኮኑ’ውን ኣረጋጊጹ። ብዙያዳ ድማ ኣብ’ቶም ውልቃውያን (individualist) ዝበሃሉ ህዝብታት፡ ካ ኦብሽካ ምንባር እምበር፡ ኣደይዶ ሓወይ፡ ዘመደይዶ መተዓብይተይ፡ ዓርከይዶ መማህርተይ ኢልካ ክትሕዝ ምብጋስ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ኢታ እዚ ህዝቢ ደኣ፡ ኣብ ከርፋሕ ናብራ ስደት ኰይኑ’ኳ ንበይኑ ዘይብል! ዝም ኣህዛቡ “ካብ ኦብሱ ዝያዳ ንወለዱን ኣሕዋቱን ዘቐድም ሰደተኛ ኣሎ” እንተ ትብሉም እንታይ ምባሉ? ማስተንክሩዶ ዋላስ ዝሻዕዐ ኰይኑ ምትስማዖም። ብገዛዚኡን ፍልጠቱን ንሃገሩ ከም ዘበልጽግ እንተ ዝንገሮምከ?



ከም’ዚ ዝበልኩም ሎሚ ዓመት እውን ኣእዳውና ፒሮ ምሓዝ ክሳብ ዝሕኽን ኣጋይሽ ኣብ ምቕባል ንርከብ ኣለና። ብመዓልቲ ናጽነትና “የሃና” እናተበሃሃልና፡ ገለ ንናጽነት ዝምልከት ሓጸር ዕላል እናተለዋወጥና ስለ እንዎጽ ግዲ ኾይኑ ግን ኣይፍለጠናን’ዩ። ኩሉ ጊያሻይ፡ ኣብ ግዜ መዓልቲ ናጽነት ናብ ሃገሩ ብምምጽኡ ሕጉስ’ዩ። ንኢየር ትከቴት ክንደይ ከም ዝኸፈሉ ንመምለሲኡ ክንደይ ክኸፍል ምኳኑ፡ ስራሕ ጉዲፉ ብምምጽኡ ክንደይ ክኸስር’ዩ ዘይፈልጥ ኣይኮነን። ግን፡ ንናጽነቱ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ብገዝዘብ ዘሸንኖ ኣይኮነን።

ኩሉ ግዜ ዘሐጉሰኒ፡ ሕብርና ዝተፈላለዩ፡ ቋንቋና ብዙሕ ክሰሱ ጸጥቑና እምበር ፍልልዩናስ ጎሊሑ ኣይፈልጥን። ከም’ዛ ኣደታትና ብኢድያት ዘወቅዕኦ ሓንቲ ክዳን ወይ ስፌ ኢና’ኮ ንመስል። ገሊኡ ኣብ ብዙሕኦት ጸጥቐ ይፈጥር፡ ገሊኡ ድማ ኣብ ብዙሕኦት ፍልልይ የግፍሕ። እዛ ዓለም ከመይ’ዩ ሸንና እንድዒ።

ናጽነትና፡ ንነፍሲ-ወከፉ ሰብ ክሳብ ክንደይ ዝኸበረ መንፈሳዊ ትሕዝቶ ምኻና ክሮም ዝኸእል ኣይኮንኩን። ሰቕ ኢለ እሕበን ጥራይ። ሎሚ ዓመት’ውን ሓበን ብሓበን ኰይነ እየ መዓልቲ ናጽነት ዘሕለፍ ዘለኹ። ኑቶም መዓልታዊ ብኣማኢት ዝኣትዉ ተቐማጦ ወጻኢ እንክርኢ “እናሻዕ መን ከም ህዝቢ ኤርትራ!” እብል።

ቕሩብ ዕረፍቲ ምስ ረኸብኩ ቲቪ ወለዐ ቀም ኩብል እናበልኩሉ ምርኢት ካርኒቫል ምስ ጀመረ ድቃሰይ በሪሩ። ዝያዳ ዝመሰጦኒ ድማ፡ ኣደታት ሓንቲ ዓይነት ሽፎንን ዝርያን ኣቦታት ምስ ጻዕዳ ክዳኖም፡ ተመሃሮ ምስ ዲቪዛኦም ምስ ረኣኹ፡ ናይ ሓጎስ ንብዓት መጺኡኒ። ይገርም’ዩ እቲ ምትሕውዋስና፡ ምስልና፡ ንናጽነትና ዘሎና ኣኽብሮትን ተወፋይነትን ብኡ ንብኡ ኣብ ውሽጠይ ስለ ዝኣተወ’የ ንብዓት ሓጎስ ጸረር ዝበልኩ።

ግዜ ከይተረደኣኒ መበል 34 በዓል ናጽነትና ኣብ ምጽንባል በጺሕና። “ግዜ ጎያዪ - መን ይሕዞ” ይብል ነበረ ደኣ ሓደ ሰብ። ኣብ’ዚ ዝሓለፈ 34 ዓመት በብመድረኹ ብዙሕ ነገር ሓሊፉ። እቶም ኣብ ግዜ ናጽነት ዕድመና ዓሰርተታት ዝበረ፡ ግዜ ጎያዪ ሐዚና እናተዓዘረ ናብ ኣርብዓታት ኣጸገዕና ደርኪብ፡ ሕጂ እናዕለልና ከለና’ውን ኣብ ዝቡ ኣወጠሐሉ ናብ ሓምሳታት ገጹ ይወስደና ከም ዘሎ ዝሰወጦ ውሑድ ሰብ ይሀሉ ይኸውን። ንበዓል የሃና፡ ናጽነት ዓወት፡ ሓርነት፡ ሰላም ድማ ደሮ እንተ ውሓደ ደቂ 33 ዓመት ገይሩዎም ኣሎ። እቶም ኣብ’ቲ ውዕወዕ ናይ ናጽነት እዋን ዝተጠመቑ ማለተይ እዩ።

ምሽ ሓንቲ ወትሩ ዘዕለላ ኣብ ወጻኢ እትቕመጥ መዛናይ ዝተበሃሃልናዮ ክዮገርኩም። ኣብ’ዚ ዘሉቶ ሃገር ማሕበርኩም ስለ ዘሎ መዓልቲ ናጽነት ከም ዘብዕሉ ተዕልለኒ እያ። ኑቲ ብኢጋጣሚ በዓል ናጽነት ዝተሳእሉቶ ብሓበን እናገለጸት’ያ በቡሓደ ተርእየኒ። ሳዕሳዒት ኣሎ፡ ዕላል ኣሎ፡ ሃገራዊ ኣለባብሳ ኣሎ፡ ባህላዊ መግብና ኣሎ፡ ብዘተኻእለ መጠን እታ ኣዳራሽ ኤርትራ-ኤርትራ ከም እትሽትት ክገብሩዋ እዮም ዝጽዕሩ። ዝ. እናረኣኹ ንኸተባብዖ ደየ ዋላስ ብሓቂ ተመሲጠ እንድዒ “ኣይ ንኹሉ ነገር ኣብ ዓዲ ከም ዘለኹም እንዲኹም ኣምሲልኩሞ ደኣ” ምስ በልኩዋ፡ “ኢእ ከም’ኡ ኣይትበሊ” በለትኒ። ኣነ ድማ እንታይ ደኣ ኰይና ኢላ እናሓሰብኩ “እሂ. . ኩሉ ናይ ዓድና እንደየ ዝርኢይ ዘለኹ” በልኩዋ።

“ዓድና ደኣ ኣበይ ክንረኽቦ ጓለይ፡ እዚ ንመተሓዋወሲ ንመዕለሊ ጸቡቕ እዩ። ከም ናይ ዓድኻ ግን ኣብ ዝኸድካ ከይድካ ኣይትረኽቦን ኢኻ። ናይ ዓድኻ እዩ ጥዑም በዓኺ።”

“እሞ ደቂ ዓድኺ እንድዮም ምሳኺ ዘለዉ?”

“በትን በትን ተኣኻኺብኩ፡ ኣብ ሓንቲ ኣዳራሽ ተዓጺኻ፡ ደገ ወጺእካ ህዝብኻ ኣይትርእየሉ ኣግራብ ዓድኻ፡ ናብ ቤተሰብኻ ኣይትበጽሑሉ፡ ስድራኻን ሃገርካን እናናፈቕካ ደኣ ከመይ ኢሉ ከም ዓድኻ ክኸውን” በለትኒ።

መሐዛይ መልስታተይ ቃሕ ኣይበለን። በቲ ሓደ ወገን ግን ሓቃ’ያ። “ኣብ ዓደይ ከም ዘለኹ ኰይኑ ክስመዓኒ” ኢልካ ደኣ ንኡብሽካ ተደዓዕሳ እምበር፡ ሓመድካን ሓመድ ጓናን ከመይ ኢሉ ሓደ ክኸውን ይኽእል። ንዝተወሰኑ ሰዓታት ኣብ ሓንቲ ኣዳራሽ ተዓጺኻ ትጽንሕ፡ ወጺእ ምስ በልካ ድማ ሰሲዕም ናይ’ታ ዓዲ ይቕበለካ። መሐዛይ ከም ዝረኣኹዋ፡ ብቕንያቱ ብሓጎስ ክትዕንድር ድልየታ፡ ትሃና ከየወጽኣት ናብ’ቲ ብሒቲ ኣኸብራ ምምላስ ኣይማእምኣን።

በሉ’ስኪ እዝሀ መዓልቲ ናጽነት ኣኺሉ ኣብ ቅንያቱ ኢና ዘለና። እቲ ኣብ ዓመት እኑበዕሎ መዓልቲ ናጽነት ጥራይ ዘይኮነ፡ እታ ብናይ ዓሰርተታት ዓመታት ደማዊ ቃልሲ፡ ክንደይ መንእሰያት፡ ፈላጣት፡ ኣደታት፡ ቖልዑ፡ ንብረትና፡ ዕድልና. . . ሰኢንና ዘምጻእናያ ናጽነት ኣብ ሕቖፎና ምህላዋ ዓቢ ጸጋን ሓበንን እዩ። ታሪኽና’ውን ንባዕሉ ሓደ ካብ ኣደነቕቲ ታሪኽ ዓለማት ምኻኑ ዝኸሕዶ የለን። ስለ ዝኾነ እዩ ኸኣ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንዕለተ ናጽነቱ ወትሩ ብውዕወዕ መንፈስ ዘጽንብሎ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኑርኣሕመድ - ምልክት ተስፋ ዘይምቁራጽን ተወፋይነትን

### “ኑርኣሕመድ፡ ትዕግስተኛ፡ ምእዙዝን ክገብር’የ በሃሊን እዩ” ሳምሶን ሰለሙን

ኑርኣሕመድ ዓብደልወሃብ ደባዐል፣ ኣብ 1994 ኣብ ኣስመራ ዕዳጋ ሓሙስ ተወሊዱ። ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሞዴል ምስ ጀመረ፡ ኣብ ጃልያን ባርካን ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቱ ተኸታቲሉ።

ፈለማ ኣብ ናይ ጉብዝና ግዜኡ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ኮይኑ ምስ ክሉብ ደንደን ዝሰልጠነ ዝነበረ ኑርኣሕመድ፡ ብዙሕ ኣፍልጦ ኮነ ድሌት ቅድድም ብሽክለታ ከም ዘይነበሮ ዝዛረብ፡ ንመዘናግዒ ኢሉ ጥራይ ወርትግ ሰንበት ምስ ኣዕሩኽቱ ናብ ደቀምሓረን ሕምብርትን ብጼሓም ኣብ ዝገብሩሉ ግና፡ ኑዩም መዘናኡ ጽቡል ስለዝበሎም፡ ገለ ናይ ቅድድም ብሽክለታ ዓቕሚ ከምዝለዎ ተገንዘቡ።

ኣብ 2010 ከኣ ንበዓል ጉዳይም ተቐዳደምቲ ናትናኤል ብርሃ፡ በረኸት የማነ ሚሮን ርእሶምን ይዕዘቦም ብምንባሩ፡ ቀስ ብቐስ ፍቕሪ እቲ ዓውዲ ክሓድሮ ጀመረ። ኣብዚ እዋን ናትናኤል ብርሃ ብዕድመ ንእሽቶ እንክሎ ብዘርእዮ ዝነበረ ጸወታ ዝያዳ ከምዝመሰጦ’ውን ይዛረብ።

በዚ ድማ ኣብ ዕረፍቲ ናይ 2011 ዓመተ-ትምህርቲ (ፍርቂ ሰሚስተር)፡ ዕጥቅታት ብሽክለታ ተለቂሑ ኣብ ማውንቴን ክወዳደር ጀመረ። ስድራኡ ግና፡ ይፈልጡ ኣይነበሩን። ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታኡ ካልኣይ ምስ ኣተወ፡ ንስድራኡ ነገሮም’ሞ፡ ክኣምንዎ ኣይከኣሉን። ኣብ ዝሰዓበ ውድድሩ ግና፡ ስድራኡ’ውን ብኣካል ክከታተልዎን እንተተዓዊቱ ብሽክለታ ክገዝኡሉ ምኳናምን ብምግላጽ ከተባብዕዎ ጀሚሮም፡፡ ኒታ ቃል ዝተኣተውትሉ መድረኽ ተዓዊቱ ድማ ናብ ሳልሳይ ዲቪዥን ዳ ኮርሶ ሰጊሩ።

ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ብውልቁ ክወዳደር ጀመረ፡ ኣብ ቀዳማይ ውድድር ኣዕጋቢ ውጽኢት እዩ ኣመዝጊቡ፣ ቀልጢፉ ድማ ናብ ካልኣይ ዲቪዥን ናብ ጋንታ መደበር ሰጊሩ። ኑርኣሕመድ፡ ኣብ ዳ ኮርሶ ምስ ሰገረ፡ ብዙሕ ፈተናታት’ዩ ገጢሙዎ። ቀዳመይቲ ጸወታኡ ድማ ኣብ 2012 ኣብ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ነይራ። ኣብቲ ጸወታ ወላ’ኳ ኣብ እዋን ቅጽበታዊ ውድድር ጸቡቕ ቦታ ሒዙ እንተነበረ፡ ሰሪ ዋሕዲ ተመኩሮ፡ ተጋጪዩ ምውዳቑን ኣብ ደረጃ ከምዘይኣተወን የዘንቱ። ኣብ ዝሰዓበት መድረኽ፡ ኣብ ናይ በረኻ ውድድር ብሰሽኪ ዘጋጠሞ



ኑር፡ ዕውት ዋንጫ ናጽነት ምስ ኮነ

ኑርኣሕመድ፡ ብሰሽኪ፡ ዘጋጠሞ ማሰናኸሊት ንሽውዓተ ዓመታት ንዝኣክል ካብ ኮርሻ ብሽክለታ ወሪዱ ነይሩ። ኣብዚ



መውደቕቲ ንእስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ካብ ኮርሻ ብሽክለታ ክወርድ ተቐሲቡ።

ኑርኣሕመድ፡ ሰሪዚ ሓደጋ ዳግማይ ናብ ውድድር ክምለስ ከምዝተሸገረን ብቐዓቱ’ውን ቁሩብ ምጉዳሉን ይዛረብ። ሽሕ’ኳ ኣብ ገለ ውድድር ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ይኣቱ እንተነበረ፡ ቀዳማይ ክኣቱ ግና ኣይከኣለን። ኑ’ቲ ዓውዲ’ውን ካብቲ ዝጀመሮ ብጥብቂ ከምዘይሓዞ ይገልጽ።

ካልእ ኣብ 2014 ኣብ ህይወቱ ማሰናኸል ዝኾነ ናይ ኩሊት ጸገም (ጸጸር ኩሊት) ዝነበረ እዚ መንእሰይ፡ ኣብ እዋን ጸወታ ተሸጊሮ ብምንባሩ፡ ኣብ ሕክምና ክደቕስ ተቐሲቡ። ኣብ 2016 ብሰሽኪ እዚ ወሰጣዊ ሕማምን ካልእን ምኽንያትን ድማ ንሸውዓተ ዓመታት ካብ ቅድድም ብሽክለታ ተኣልዩ።

ኑርኣሕመድ፡ ድሕሪ’ዘን ብዙሕ ከፍርየሉ ዘኽእል ዝነበረ ዓመታት፡ ኣብ 2023 እዩ ዳግማይ ናብ ቅድድም ብሽክለታ ተመሊሱ። ብኣሰልጣኒ ኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን ናይ ልምምድ ሓገዝ እናተገበረሉ ድማ ብውልቁ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ክወዳደር ጀሚሩ። ኣብቲ ቀዳማይ ጸወታኡ ኣብ ዙር ዞባ ማእከል ኣብ ናይ ውልቂ ሽልማት ካልኣይ ደረጃ ድሕሪ ምሓዙ ከኣ ኣብ

ወርሒ 10 ናይታ ዓመት ኣባል ኣሰቡ ኮይኑ ኣብ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ተወዳዲሩ።

ኣብታ ጋንታ ንሚልኪያስ ማእከለን ዳጋዎም ፍጹምብርሃንን ንምዕዋት ከም ቀዳማይ ስርሑ ተዋፊሩ ዝሰርሕ ዝነበረ - ኑርኣሕመድ፡ ኣሰቡ ሻምፕዮን ክትከውን ልዑል ተራ ተጻዊቱ። ኣብ 2024 ናይ ሸኒ (ስፕሪንት) ብሉጽ ቁመና ሂቡ ዝነበረ ሚልኪያስ ንብርክት ዝበሉ ናይ ዞባ ማእከል ውድድራት ክዕወተሉ ከኣ፡ ካብዩም ግዙፍ ኣበርክቶ ዝገበርም ደቂ ጋንታኡ እዩ - ኑርኣሕመድ።

እዚ ተቐዳዳማይ፡ ኣብታ ዓመት ቀመም ዓወት ከየስተማቐረን ስሙ ኣብ መዝገብ ዕወታት ዞባ ማእከል ከየስፈረን’ውን ኣይተፋነወን። ኣብቲ ብውልቂን ንጋንታኡ ኣሰቡ ከም ሳህመት ጸብለል ዝበለትሉ ውድድር ዙር ዞባ ማእከል፡ ኑርኣሕመድ፡ ብሉጽ ሽኳኻይ ክኸውን ክኢሉ። ኑር፡ ወላ’ኳ ምስ ወዲ ጋንታኡ ሚልኪያስ ማዕረ ነጥቢ እንተነበሮ፡ ኒታ መዛዘሚት መድረኽ ስለዝተዓወተላ ግና፡ ብማልቲ በሊጹ እዩ ምቒር ዓወት ኣመዝጊቡ። “ዳግማይ ናብ ቅድድም ብሽክለታ ካብ ዝምለስ እታ ዝጸበየት ዓወተይ” ክብል ድማ ይገልጻ ነዛ ቀዳመይቲ ናይ ኣሰቡ ዓወቱ።

እዚ ዓቕልን ምእዙዝን ምኳኑ ዝነገረሉ ኑርኣሕመድ፡ ኣብቲ ብደረጃ ሃገር ዝጸዓየ ውድድር ብሽክለታ ዝኾነ ‘ሻምፕዮን



ኤርትራ’ ኣብ 2024 ኣብ ናይ ግዜ (ክሮኖሜትር) ታሸዓይ፡ ኣብ ናይ ጽርግያ መበል 11 ኣትዩ ምንባሩ ይዝክር። ሎሚ ዓመት ድማ ካብኡ ዝበልጸ ደረጃ ንምምዝጋብ ክጽዕት ምኳኑ ይዛረብ።

ኑር፡ ኣብታ ዓመት ብዘርእዮ ዝነበረ ብቕዓት፡ ጸወዒት ሃገራዊት ጋንታ ክረኽብ’ውን ክኢሉ እዩ። ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ከኣ ናብ ‘ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2024’ ናብ ኬንያ ኣምሪሑ። ከም ኩሎም ኣባላት ዓብይ ሃገራዊት ጋንታ ድማ ወዲ ጋንታኡ ሄኖክ ምሉእብርሃን ንሳልሳይ ግዜኡ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ክኸውንን ክብረወሰን ክጽሕፍን ተራኡ ኣበርኪቱ። ኣብ ዙር ኣልጀሪያ 2025’ውን ኣባል እዛ ጋንታ ምንባሩ ይዝክር።

ኣብ ጎልጎል ሓያል ናይ ምዝዋር ዓቕሚ ዘለዎ እዚ ወዲ 31 ዓመት ተቐዳዳማይ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ዕውት ‘ዋንጫ ናጽነት 2025’ ኮይኑ። “እዛ ኩሉ ተቐዳዳማይ ክዕወተላ ዝሓልሞ ንታሪኻዊ ዕለት ሃገር ንምድማቕ እትስራዕ ውድድር ምዕዋተይ፡ ኣዝዩ ሕጉስ እየ።” ድማ ኢሉ - ንናይ ነጥቢ ውድድር ደረብ ዝተዓወተሉ ኑርኣሕመድ።

ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ይዕበ ይንኣስ መውደቕቲ ዘይጠዓመ ተቐዳዳማይ ዳርጋ የለን፤ ኑርኣሕመድ’ውን ተደጋጋሚ መውደቕትታት ኣጋጢምዎ እዩ። ኣብ 2024 ኣብ ጥርዚ ቁመና እንከሎ፡ ንሻምፕዮን ዞባ ማእከል ክዕወተላ ኣንቂዱ ኣብ ዝነበረሉን እዋን፡ መውደቕቲ ኣጋጢምዎ ነይሩ። ኣብ ጺጋማይ እግሩ (ኣብ ምሕኩልቱ ዝጋጠሞ መስበርቲ ንምሕዋይ ክሳዕ ሕጂ ዘይወጸ ሓጺን ኣሎዎ) ሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ከኣ ንወርሒን ሰለስተ ሰሙንን ካብ ብሽክለታ ተኣልዩ። ዳግማይ ናብ ውድድርን ዓወትን ምምላሱ ንፈጣሪ ብምምስጋን፡ ኑዩም ጸቡቕ ክንክን ዝገበሩሉ ሓኪይም ኦሮታ’ውን ኣመስጊኑ።



ዕዉት ቀጠልያ ማልያ ዙር ዞባ ማእከል 2024

ኣብዚ እዋን ንጉዕዞ ናይዚ ተቐዳዳማይ ብቐረባ ዝከታተሎ ዘሎ ኣሰልጣኒኡ ሳምሶን ሰለሙን እዩ። “ንኑርኣሕመድ ዝተዋህቦ ትዕግስቲ መዳርግቲ የብሉን” ዝበለ ሳምሶን፡ “ካብ መምርሒ ዘይወጽእ ምእዙዝ ሃዳይ ይጥዕመሚ ዘይብል ወፋይ፡ ምስ ደቂ ጋንታኡ ብሉጽ ወህደት ዘለዎ በዓል ጠባይ፡ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ክገብር’የ በሃሊ ተቐዳዳማይ እዩ።” ብምባል፡ ንባህርያቱ ይገልጽ።

ብዛዕባ ብቕዓቱ ክዛረብ እንከሎ፡ “ወላ’ኳ ውዱእ ሽኳኻይ (Pure Sprinter) ኣይኮኑ፡ ብዘለዎ ሓይልን ጉልበትን ግና፡ ቅጽበታዊ ውድድር ብምግባር ክዕወት ይርኢ እዩ። ዝያዳ ሓይሉ ድማ ንኣሾቱ ዓቕብታት ኣብ ዘለዎ ጉላጉል ኣብ ምስሓብ፡ ከምኡ’ውን መጥቃዕቲ ጌርካ ኣብ ምውጻእ እዩ።” ክብል፡ ተራኡ ኣብ ጋንታ ልዑል ከም ዝኾነ ይዛረብ - ሳምሶን።

እዋን ሓደ ካብ ዝለዓሉን ብርክት ዝበሉ ደገፍቲ ዘለዎምን ተቐዳደምቲ ክኸውን ምኽኣሉ፡ ክድንቕ ዘዋዕኦ እዩ። “ብሽክለታ ከምዝጸዓርካዮ ኢያ ትህበካ” ዝብል ሓያል እምነት ዘለዎ ኑር፡ “ተጸሚመ እንተሰሪሐ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ምኳነይ እየ ዝኣምን።” ክብል ድማ ንብሩህ መጻኢ ደሰርሕ ምህላዉ ሓቢሩ። ንዝተሓባበርዎ ኣሃዱኡ፡ ብዓቢኡ ድማ ኣብ ጉድኑ ኮይኖም ንዘተባብዕዎ ስድራኡ ብምምስጋን ከኣ ምስ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝነበሮ ጻንሒት ዛዚሙ። ንሕና’ውን ኣብ ጉዕዞኡ ዓወትን ኣሰልጦን ንምነየሉ።



ኑርኣሕመድ (መራሒ ዘሎ)፡ ምስ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ ሚልኪያስ ማእከል

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን<br>ፋርማሲ ሂወት<br>ፋርማሲ ሚለንዮም | 01/06/2025 | ጎደና ናቕፋ ቁ.223፡ ጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትራስተለ<br>ጎደና ብድሆ፡ ኣብ ሽዱ (ጥቓ ኢንሹራንስ ባር)<br>ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.7ዝ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስጊድ | 122798<br>123355<br>07153448 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services